

# ኣቶ ካሕሳይ ብርሃነ

## ታህሳስ 1941 - ጥሪ 2016

## ምስጋና

ካብ ርሑቕን ቀረባን ብኣካል ዝበጻሕኩምናን፣ ብቴለፎን ዝደወልኩምልናን፣ ከምኡ' ውን ብፈስቡክን ኢሜልን ናይ ሓዘና ተኻፈልቲ ኰይንኩም ንዝገበርኩምልና ምጽንናዕን ንዘርኣኹምና ሓልዮትን ኩሉ ካብ ልቢ እናመስገና ሕሰም ኣይትርከቡ ንብል።

**ሙሉእ ስድራቤት**

The family wishes to personally thank everyone for all the support and sympathy you have shown us. God bless you all.

## ሓጺር ታሪኽ ህይወት ኣቶ ካሕሳይ ብርሃነ

ነዚ ካባና ብህይወት ተፈልዩና ዘሎ ክቡር ሰብ ካሕሳይ ብርሃነ፤ገሌና ደቁ፣ ገሌና ኣሕዋቱ፣ ገለውን መታዓብይቱን መሳርሕቱን፣ ከምኡውን ብቐረባን ርሑቕን እንፈልጦ ሰባት ኮይናን፤ሎሚ ካብ ርሑቕን ቀረባን ኣብዚ ተኣኻኺብና ዘለና ናብ ናይ ዘልኣለም ስፍርኡ ብኽብሪ ንምፍናው ኢና።
ካሕሳይ ብርሃነ - ካብ ኣቡኡ ነፍሲሄር ኣቶ ብርሃነ መስቀል መዓሾን ኣዲኡ ነፍሲሄር ወ/ሮ በየነሽ ገብረዮናስን ብዕለት 27 ታሕሳስ 1941 ዓ/ም ኣብ ከተማ ኣስመራ ተወሊዱ።

ዕድሚኡ ንትምህርቲ ኣኺሉ ቀዳማይ ደረጃ ብጽቡቕ ዛዚሙ ካልኣይ ደረጃ ብትግሃት እንዳኣሰላሰለ እንከሎ ብዘጋጠመ ናይ ኣቡኡ ናይ ጥዕና ምስኣን ከቢድ ናይ ቤተሰብ ሓላፍነት ንምስካም ነቲ ዓቢ ፍቕርን ተገዳስነትን ዘሕደረሉ ናይ ትምህርቲ ዓለም ኣቋሪጹ ናብ ናይ ስራሕ ዓለም ኣብ ንእሱ ዕድሚኡ ተተሓሒዙ።

እወ፤ ካሕሳይ ብርሃነ ወዲ 19 ዓመት እንከሎ እዩ ነታ ኣቡኡ ዘውንንዋን ስድራ ዝኣልዩላ ዝነበሩን ትሬንታ ኳትሮ ዝዓይነታ ዓባይ ማኪና ዘዊሩ ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ብምምልላስ ንወለዱ ክከናኸንን ቤተሰብ ክኣልን ዝጀመረን። ነዊሕ ከይጸንሐ፣ ኣብ መበል 20 ዓመት ዕድሚኡ ሓደ ካብቶም ውሑዳት ኤርትራዊያን ወነንቲ ናይ ጽዕነት መካይን ንምዃን በቒዑ።

ካሕሳይ ብርሃነ - በቲ ዝቐሰሞ ትምህርትን ተበላሓቲ ናይ ስራሕ ክእለትን ተሓጊዙ ናይ ውልቁ ዝኾነ ንመጸኢ ምዕብልናን ዕብየትን ዝሕግዞ ናይ መጉዓዝያ ትካል መስሪቱን ንኻልኦት ኣብ ተማሳሳሊ ዓይነት ስራሕ ንዝተዋፈሩ ኤርትራውያን እውን ትካላት መስሪቶም ብሓባር ኮይኖም ክምዕብሉሉ ዝኽእሉሉ ኣገባባት ብምትእትታው ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከበርክት ብምኽኣሉ ብብዙሓት ኤርትራውያን ኣኽብሮትን ተፈታውነትን ከጥሪ ኪኢሉ እዩ። ንካሕሳይ ተወሳኺ መለለይኡ እቲ ዘለዎ ናይ ምልከት ቋንቋ ተውህቦ እዩ፤ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ከም ንኣብነት - ብጥልያን፣ እንግሊዝ፣ ዓረብ፣ ኣምሓርኛን ስዋሂሊን ብቐሊሉ ስርሑ ከሳልጥን ምስ ሰባት ክራዳዳእን ብምኽኣሉን ማዕረ ማዕሪኡውን ምስ ዝተፋላለዩ ዜጋታት ጥቡቕ ናይ ስራሕ ዝምድና ንኸጥሪ ኣኽኢልዎን ብዙሓት ፈተውቲ ንኸፍሪ ኣኽኢልዎን እዩ።

ብሓጺሩ ንምግላጽ - በቲ ዝነበሮ ዓብላሊ ክእለት ናይ ጸወታ ቦውሊንግ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ውድድራት ብተደጋጋሚ ተዓዊቱ ወይ ውን ቻምፕዮን ብምኳን ተሸላሚ ናይ ብዙሓት ዋናጩ / ኮፓታት ክኸውን ኣብ ርእሲ ምኽኣሉ፤ከሳብ ንጋንታ ቦውሊንግ ናይ ኢትዮጵያ ወኪሉ ኣብ 1974 ኣብ ኣሜሪካ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ክሳተፍ ክኢሉ እዩ። በዚ ናይ ስፖርት ዝምባሌታቱ ንደቁ ብዘሕደረሎም ጽልዋ ድማ፣ ብርሃነ ወዱ ካብ ንእስ ዕድሚኡ ኣትሒዙ ብዘጥረዮ ናይ ተዋዳዳርነት መንፈስን ክእለትን መሰረት ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ናይ ኣሜሪካ ፕሮፈሽናል ውድድር ብሸክሌታ ብምስታፍ ተሸላሚ ዝተፈላለየ ዋናጩ / ኮፓታት ክኸውን ኪኢሉ ኣሎ።

ነዚ ካባና ብህይወት ተፈልዩና ዘሎ ክቡር ሰብ ካሕሳይ ብርሃነ፤ገሌና ደቁ፣ ገሌና ኣሕዋቱ፣ ገለውን መታዓብይቱን መሳርሕቱን፣ ከምኡውን ብቐረባን ርሑቕን እንፈልጦ ሰባት ኮይና፤ሎሚ ካብ ርሑቕን ቀረባን ኣብዚ ተኣኻኺብና ዘለና ናብ ናይ ዘልኣለም ስፍርኡ ብኽብሪ ንምፍናው ኢና።
ካሕሳይ ብርሃነ - ካብ ኣቡኡ ነፍሲሄር ኣቶ ብርሃነ መስቀል መዓሾን ኣዲኡ ነፍሲሄር ወ/ሮ በየነሽ ገብረዮናስን ብዕለት 27 ታሕሳስ 1941 ዓ/ም ኣብ ከተማ ኣስመራ ተወሊዱ።

ዕድሚኡ ንትምህርቲ ኣኺሉ ቀዳማይ ደረጃ ብጽቡቕ ዛዚሙ ካልኣይ ደረጃ ብትግሃት እንዳኣሰላሰለ እንከሎ ብዘጋጠመ ናይ ኣቡኡ ናይ ጥዕና ምስኣን ከቢድ ናይ ቤተሰብ ሓላፍነት ንምስካም ነቲ ዓቢ ፍቕርን ተገዳስነትን ዘሕደረሉ ናይ ትምህርቲ ዓለም ኣቋሪጹ ናብ ናይ ስራሕ ዓለም ኣብ ንኡስ ዕድሚኡ ተተሓሓዘ።

እወ፤ ካሕሳይ ብርሃነ ወዲ 19 ዓመት እንከሎ እዩ ነታ ኣቡኡ ዝውንንዋን ስድራ ዝኣልዩላ ዝነበሩን ትሬንታ ኳትሮ ዝዓይነታ ዓባይ ማኪና ዘዊሩ ካብ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ብምምልላስ ንወለዱ ክከናኸንን ቤተሰብ ክኣልን ዝጀመረን። ነዊሕ ከይጸንሐ፣ ኣብ መበል 20 ዓመት ዕድሚኡ ሓደ ካብቶም ውሑዳት ኤርትራዊያን ወነንቲ ናይ ጽዕነት መካይን ንምኻን በቒዑ።

ካሕሳይ ብርሃነ - በቲ ዝቐሰሞ ትምህርትን ተበላሓቲ ናይ ስራሕ ክእለትን ተሓጊዙ ናይ ውልቁ ዝኾነ ንመጻኢ ምዕብልናን ዕብየትን ዝሕግዞ ናይ መጉዓዝያ ትካል መስሪቱን ንኻልኡት ኣብ ተማሳሳሊ ዓይነት ስራሕ ንዝተዋፈሩ ኤርትራውያን እውን ትካላት መስሪቶም ብሓባር ኮይኖም ክምዕብሉሉ ዝኽእሉሉ ኣገባባት ብምትእትታው ዓቢ ኣስተዋጽኦ ከበርከተ ብምኽኣሉ ብብዙሓት ኤርትራውያን ኣኽብሮትን ተፈታውነትን ከጥሪ ኪኢሉ እዩ።
ንካሕሳይ ተወሳኺ መለለይኡ እቲ ዘለዎ ናይ ምልከት ቋንቋ ተውህቦ እዩ፤ብዝተፈላለየ ቋንቋታት ከም ንኣብነት - ብጥልያን፣ እንግሊዝ፣ ዓረብ፣ ኣምሓርኛን ስዋሂሊን ብቐሊሉ ስርሑ ከሳልጥን ምስ ሰባት ክራዳዳእን ብምኽኣሉን ማዕረ ማዕሪኡውን ምስ ዝተፋላለዩ ዜጋታት ጥቡቕ ናይ ስራሕ ዝምድና ንኽጥሪ ኣኽኢልዎን ብዙሓት ፈተውቲ  ንኽፍሪ ኣኽኢልዎን እዩ።

ብሓጺሩ ንምግላጽ - በቲ ዝነበሮ ዓብላሊ ክእለት ናይ ጸወታ ቦውሊንግ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ውድድራት ብተደጋጋሚ ተዓዊቲ ወይ ውን ቻምፕዮን ብምኳን ተሸላሚ ናይ ብዙሓት ዋናጩ / ኮፓታት ክኸውን ኣብ ርእሲ ምኽኣሉ፤ክሳብ ንጋንታ ቦውሊንግ ናይ ኢትዮጵያ ወኪሉ ኣብ 1974 ኣብ ኣሜሪካ ኣብ ዝተኻየደ ውድድር ክሳተፍ ክኢሉ እዩ። በዚ ናይ ስፖርት ዝምባሌታቱ ንደቁ ብዘሕደረሎም ጽልዋ ድማ፣ ብርሃነ ወዱ ካብ ንኡስ ዕድሚኡ ኣትሒዙ ብዘጥረየ ናይ ተዋዳዳርነት መንፈስን ክእለትን መሰረት ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ናይ ኣሜሪካ ፕሮፌሽናል ውድድር ብሽክሌታ ብምስታፍ ተሸላሚ ዝተፈላለየ ዋናጩ / ኮፓታት ክኸውን ኪኢሉ ኣሎ።

ምስ እዚ ክጥቀስ ዝጸንሐ ታሪኽ ህይወትን ተሞክሮታትን ካሕሳይ ብርሃነ ማዕረ ዝስራዕ ካልእ ጉዳይ ድማ እቲ ከም ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ሃገራዊ ቃልሲ ዝነበሮ ተሳትፎን ኣበርክቶን እዩ፤ ካሕሳይ ካብቲ ፈለማ ብረታዊ ቃልሲ ዝጀመረሉ እዋን ኣትሒዙ ክሳብን ድሕሪ ናጽነትን ኤርትራ ንሰውራ ኣብ ምሕጋዝ ዝተጻወቶ ተራ ቀሊል ኣይነበረን፣ ካሕሳይ ሓደ ካብቶም ቀዳሞት ንኣዲስ ኣበባ ብሕቡእ ዝኣትዉ ንዝነበሩ ፈዳኢን ተጋደልቲ ብቐጥታ ብምትሕግጋዝ ዓቢ ግደ ዝተጻወቱ ሃገራውያን እዩ ነይሩ። ብቐጻሊ ውን ኣብ ኬንያ ኣብ ዝነበረሉ እዋን ኣብ ኮሚኒቲ ኤርትራውያን ኣብ ዝካየድ ዝነበረ ንቓልሲ ናይ ምሕጋዝን ምድንፋዕን ምንቅስቓሳት ብዝላዓለ ደረጃ ብምስታፍ ዓቢ ሃገራዊ እጃሙ ዘበርከተ ሃገሩ ዘፍቅር ኤርትራዊ ዜጋ እዩ ነይሩ።

ካሕሳይ ብርሃነ ከምቲ ንብዙሓት ኤርትራውያን ዜጋታት ኣብ ግዜ ደርጊ ዘጋጥሞም ዝነበረ ተጻባኦታት ስለ ዝተጸለወ ንኢቲዮጵያ ገዲፉ ብ1987 ዓ/ም ንሃገረ ኬንያ ምስ ደቁ ብርሃነን ዮናስን ኣምሪሑ፣ ሽዑ ንሽዑ’ ውን ነቲ ዝነበሮ ናይ መጓዓዝያ ትካል ኣብ ኬንያ ብምቕጻል ብሓጺር እዋን ከዕብዮን ከማዕብሎን ክኢሉ እዩ። ነተን ዝነበረኦ ብርክት ዝበላ ናይ ጸዕነት መኻይን ካብ ኬንያ ንኡጋንዳ፣ ዛየር፣ ሩዋንዳ፣ ብሩንዲ ኮታስ ክሳብ ዛምቢያን ቦትሱዋናን ብምውፋር ቁልጡፍን ዕውትን ናይ ቢዝነስ ዕብየት ከጥሪ ኪኢሉ።

ምስ ምእላይ ናይ ደርጊን ናጽነት ኤርትራን ውዕል ሕድር ከይበለ ብ1992 ንብረቱ ጠቕሊሉ ንኢትዮጵያ ብምምላስ ከም ወትሩ ንትካሉ ብቕልጡፍ ብምስራዕ ናብረኡ ምምራሕ ቀጸለ። ብድሕሪ ዉሑዳት ናይ ሰላም ዓመታት ብሰንኪ እቲ ሃንደበት ዝተላዕለ ጎንጺ ናይ ኢትዮጵያን ኤርትራን፣ ካሕሳይ ሓደካብቶም ናይ መጀመሪያ ግዳያት ግፋዕዊ መስጎግቲ ኮነ። ካሕሳይ ተሰጒጉ ናብ ኤርትራ ምስ ተመልሰ ብኡ ንብኡ ቢዝነሱ ዳግማይ ንምትካልን፣ ነቶም ከመኡ ዝተሰጎጉ ኤርትራውያን ብምውሕሓድ ናብሮኦም ዳግማይ ዝምስርቱሉን መንገዲ ንምርካብ ኣብ ምጽዓር ተዋፈረ።
ብድሕሪኡ ብ2004 ዓ.ም ካሕሳይ ምስቶም ኣብቲ እዋን`ቲ ኣብ ኣሜሪካ ዝቐመጡ ዝነበሩ ደቁ ንኽሕወስ ናብ ዋሺንግተን ኣምረሐ፣ ድሕሪ ሓጺር እዋን`ውን በቲ ዝነበሮ ናይ ስራሕ መንፈስ መሕለፍ ግዜ ንኽኾና ቶውትራክ ብመዕዳግ ዳግማይ ኣብ ናይ ስራሕ ዓለም ተጸሚዱ እንዳሰርሐ እንከሎ ከቢድ ሓደጋ ኣጋጢምዎ። ብሰንኪ እቲ ሓደጋ ዘውረደሉ ከቢድ ናይ ኣካል ማህሰይቲ ድማ ብቀጻሊ ንዓመታት ምሉእ ጥዕና ኣብ ዘይረኽበሉ ኩነታት በጺሑ።

ካሕሳይ ዘሕለፎ ዝተማልአ ህይወት ካብ ነብሱ ሓሊፉ ሙሉኣት ቤተሰብ ዘጸለወ ከምኡውን ንፈተውቱን ዝፈልጥዎ ሰባትን ዓቢ ኣብነት ክምዝኾነ ዝጥቀስ እዩ።
ዋላ’ ውን ደሓር ዘጋጠሞ ሓደጋን ንነዊሕ ዓመታት ዘስዓበሉ ስቅያትን ዝኾነ ዓይነት መምዘኒ እንተዘይብሉ፣ ዓቕሙ ክሳብ ዘፍቀደሉ ንዝጥይቕዎን ዝበጽሕዎን ቤተሰብን ፈተውቱን ብፍሽኽታ ተቐቢሉ ብምፍናው ጸገሙ ኣብ ነብሱ ተሸኪሙ ብምሕላፍን ዓቢ ተጻዋርነትን ብምርኣይ ዘይርሳዕ ተዘክሮታት ከገድፈልና ክኢሉ እዩ።
እምበኣርከስ ኣያ ካሕሳይ ሎሚ ነኣቡኡ ነፍስሄር ኣቶ ብርሃነ መዓሾ ኣዴኡ ነፍስሄር ወይዘሮ በየነሽ ገብረየናስ ከመኡ’ ውን ኣቐዲሞም ብህይወት ንዝተፈለይዎ ኣሕዋቱ ወ/ሮ ኤልሳ ብርሃነ፣ ኣቶ እምነቱ ብርሃነ ከመኡውን ቅድሚ ቁሩብ ኣዋርሕ ዝዓረፈ ኣቶ ኣብራሃም ብርሃነ ስዒቡ፣ ኣብዛ ግናይ ዓለም ድማ ንደቁ ተኸስተ፣ ብርሃነ፣ ዮናስ፤ ንኣደ ደቁ ድባብ ኣዳነ፤ ንባዓልቲ ቤት ወዱ ማርታ ፍስሃ ከምኡውን ነሕዋቱ ዓይኖምን ሰለሙንን፤ ኣሓቱ ጸሃይቱ፣ ዙፋን፣ ሳባ፣ ለምለምን እንኮላይ ብዙሓትደቂ ደቁን ደቂ ኣሕዋቱን፣ ኣዕሩኽቱን ፈተውቱን ገዲፉ እዩ ዝፋኖ ዘሎ።

መንግስተ ሰማይ የዋርሶ!



## *In Loving Memory of Kahsay Berhane*

Today we are gathered here to celebrate the life of Kahsay Berhane, born on December 27th, 1941 in Asmara, Eritrea to Berhane Measho and Beyenesh Gebreyonas. Kahsay was an intelligent young man who in an effort to aide his ailing father began working in a road trucking industry at an early age of nineteen.
Kahsay went on to become owner and operator of a transit goods transportation vehicle before he turned twenty years of age and at a time when few Eritreans owned cargo vehicles. For Kahsay this was just the beginning of a long journey in the freight transportation business.

A success in the making he went on to be part and member of one of the first trucking industry associations in Ethiopia serving as one of the facilitators in the organization.

For many years he successfully operated his business in Ethiopia, raising his young family and aiding his extended family. Due to his involvement in business at an early age Kahsay never had the opportunity to attend higher education; however, he was extremely successful in his business endeavors and quickly became one of the most respected entrepreneurs at the time.

Kahsay had a great personality that had drawn people to him earning him multiple loyal and lifelong friends. His affinity for language was impeccable that he became fluent in Italian, Arabic, Amharic, and Swahili. He also provided his children with disciplined education and gave the significance of higher learning the utmost importance.

Being one with no tolerance for idling, in his spare time, he got himself involved in sports activities becoming proficient in competitive sports. He competed in professional bowling and was crowned several times as champion in Ethiopia.

He went as far as competing in the Professional Bowling Association in the United States in 1974 representing his team and Ethiopia. His kids remember the countless trophies in their home growing up admiring and drawing an inspiration from their father's achievements. One of them, following his father's footsteps, got involved in cycling activities racing in tournaments and earning trophies of his own.



In 1987, Kahsay moved to Nairobi, Kenya, along with his sons Berhane and Yonas where he expanded his trucking business to great heights, with his business routes extending from Kenya as far south as Zambia and as far west as Zaire. He proudly named his business Kahsay Berhane & Sons Transportation Company. He gave his children the best education in Kenya, enrolled them in private schools and the kids were educated among Kenya's elite.

Kahsay eventually moved his business back to Ethiopia, unfortunately, a few years later the conflict between Ethiopia and Eritrea broke out and he was amongst the first Eritreans to be unjustly deported from Ethiopia. Once in Eritrea Kahsay quickly embarked on research efforts to find business opportunities, he also immersed himself in an effort to get his fellow deportees organized and find ways to pick up their interrupted lives so that they can have a certain semblance in the resumption of life in Eritrea.

Throughout his life, chief amongst his passions was the love he had for Eritrea. He was one of those unsung heroes that quietly contributed financially and in deed, often at a great risk to his person and family.

In 2004 Kahsay came to the US so he can be closer to his kids. Being the hard working person that he was he did not want to sit idle and managed to get himself a towtruck.

The car accident that precipitated the long painful journey of medical complications that lasted for 11 years occurred while he was discharging his responsibilities as a towtruck operator.

Kahsay believed in hard work and continued to work all his life. He was known to all for his work ethic, dogged determination, and success. He loved those he came in contacts with and he was loved and admired by many. He will be forever respected for how he lived and who he became. He was a giant and a hero to his family and they loved him so dearly.

A great uncle to many nephews and nieces, they grew up calling him simply "Aya Kahsay", a term of endearment he wore proudly till the day he died. Kahsay was a man of integrity and principle. He was a man who connected with all and had an infectious personality and charm. Kahsay loved his family more than words express and was a father to his immediate and extended family.

Admired by many for his success and the quality life he gave his family, Kahsay was a pillar of pillars. Rare are those who are the epitome of strength, success, love and wisdom, and he was one of them and his family was blessed to have him with them for seventy-four years. As our father, we will greatly miss him; we have nothing but brilliant memories of him. He gave us laughter, wisdom, courage, love, respect and made us realize what family is supposed to be.

He is survived by his children, Tekeste, Berhane, Yonas, his children's mother Debab Adane his daughter in law Martha Fisseha, his brothers Ainom and Solomon, his sisters Tsehaiytu, Zufan, Saba, and Lemlem; as well as his many nephews, nieces and their children. Kahsay Berhane Measho, father, uncle, brother, and grandfather will forever be loved and missed!